

# NEXT STEP
## እንታይ እዩ?

**1. ቤት ትምህርቲ ክጅመር እንከሎ፤**

ናይ ስድራ ቤት ርክብ (Family Connection) ንምፍጣር ምስ ናይ ውላዱኩም መምህር ተራኸቡ። እዚ ነንሕድሕድኩም ንምፍላጥ ዓብይ ዕድል ይፈጥር።

+ ውላድኩም ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ወይ መዋእለ ህጻናት እንተ ነይሩ፣ ካብቲ ናይ ብእዋኑ ትምህርቲ ኣቕራቢ ዝተቐበልኩሞ ሓበሬታ ንምክፋል ፈትን።
+ ከምኡውን ብዛዕባ ዉላድኩም ዝለኩም ዝኾነ ዓይነት ግምጋም ክትካፈሉ ፈትኑ።

**2. ኣብ መጀመርታ ኖቨምበር፤**

ንናይ ውላድኩም መምህር ብመስርሕ WaKIDS ብዛዕባ ውላድኩም እንታይ ከም እተማህረት ወይ እተማህረ ሕተቱ።

ክምዚ ዝኣመሰለ ሕቶታትን ንመምህር ክትሓቱ ትኽእሉ፤

+ ውላደይ እንታይ ጽቡቕ ከምዝሰርሕ ተማሂርካ(ኪ)?
+ ነቲ ኣብ ክፍሊ ዝግበር ዕዮ ክድግፍ ዝኽእል፣ ኣብ ገዛ እንታይ ክገብር ይኽእል?

# ምንጪታት፤

መርበብ ሓበሬታ WaKIDS

www.k12.wa.us/WaKIDS

"ኣላልየኒ!" ("Introducing Me!") ንናይ ስድራ ቤት ርክብ ምይይጥ ትሕግዝ መጽሄት

https://bit.ly/2HH88Sk

ናይ ዋሽንግቶን ስቴት ናይ ብእዋኑ ትምህርቲን ምዕበላን መምርሒን፣ (Washington State Early Learning and Development Guidelines) ካብ ምውላድ ክሳብ 3ይ ክፍሊ

https://bit.ly/39RcMt0

ኣብ ኣዚለ (ኪንደርጋርተን) ዝጅምሩ ሕጻናት ዝርከብ ንቡር መፍለይ ጠባያት ብWaKIDS ዝተለከዐን

https://bit.ly/3bTsCFk

WaKIDSን ከምኡውን ናይ ዋሽንግቶን ስቴት መምዘኒታትን (Washington State Standards)

https://bit.ly/2SPNshw

---

Washington State Department of Children, Youth, and Families

WaKIDS | Washington Kindergarten Inventory of Developing Skills

360-725-6161

**እንህልኩም ንናይ ውላድኩም ብሩህ መጻኢ።**

ኣዚለ (ኪንደርጋርተን) ንናይ ውላድኩም ዓብይ ተመክሮ ንምግባር ምሳና ብምስራሕኩም የቐንየልና!

2013
13-0032



# ምእታው ናብ ኣዚለ (ኪንደርጋርተን)

ንዓኹምን ንውላድኩምን ዓቢይ ምዕራፍ እዩ!

...ኣብ ናይ ውላድኩም ናይ ትምህርቲ ምስግጋርን ምዕባለን ንክሕግዙ ዲዛይን ኣብ ዝተገብሩ መደባት ንኽትሳተፉ

**ተዓዲምኩም ኣለኹም.**

---

ኣብ ናይ **WaKIDS** ድህሰሳ ጉዕዞ እንኳዕ ደሓን መጻኹም



**እንታይ፡** WaKIDS.

**መዓስ፡** ውላድኩም ኣብ ኪንደርጋርተን ክኣትው ከሎ።

**ኣበይ፡** ኣብ ናይ ውላድኩም ሓድሽ ቤት ትምህርቲ።

**ስለምንታይ፡** ብሓንሳብ ብምስራሕ፣ ኣብ መላእ ህይወትንዝህሉ ናይ ትምህርቲ ህይወት፣ ነቲ ብዝተኻእለ መጠን ብሉጽ ዝኾነ መጀመርታ ክንፈጥር ስለ ንኽእል።



# WaKIDS

## እንታይ እዩ?

ናይ ዋሽንግቶን ናይ ኪንደርጋርተን ጸብጻብ ናይ ምዕበላ ስልቲ (Washington Kindergarten Inventory of Developing Skills) — ወይ WaKIDS — መስርሕ ነዚ ዝስዕብ እዩ፤

- ተመሃሮን ስድራቤትን ናብ ኪንደርጋርተን ብጽቡቕ ምቕባል።
- ዓቕሚ ናይ ተመሃራይ ምግምጋም።
- ተመሃሮ ኣብ ትምህርቲ ከዓውቱዎም ንዝኽእሉ ናይ ምዕባለን ናይ ትምህርቲ ምቅሳም ባህሪያት ምምይያጥ።

ውላድኩም ካባኹም ንላዕሊ ዝፈልጦ የለን። ውሉድኩም ንዝገብሮ ናይ ትምህርቲ ምቅሳም መስርሕን ናብ ኪንደርጋርተን ንዝገብሮ ስግግር ንክትሕግዝ ተዳልያ ናይ ዘላ ጋንታ፣ ንስኹም ሓደ ኣገዳሲ ኣባል ኢኹም።



**WaKIDS** Washington Kindergarten Inventory of Developing Skills

## መንገዲ ንዓወት፤

**ናይ ስድራቤት ርክብ**

ነዓኹምን ንውላድኩምን ንምፍላጥ፣ ስድራቤታትን መማህራንን ክተሓባበሩ ከለዉ።

**ምሉእ ናይ ውሉድ ግምገማ**

ደገፍ ዕላማ ብዝያዳ ኣበይ ከምዘድሊ ንምፍላጥ መማህራን ናይ ቆልዑት ሓይልታት የለልዩ።

**ናይ ብእዋኑ ትምህርቲ ምትሕብባር**

ቆልዑት ንኽዕወቱ ንምሕጋዝ ናይ ሕጻናት ቤት ትምህርቲ መማህራንን ናይ ብእዋኑ ትምህርቲ ኣቕረብቲን ሓበሬታ ይካፈሉ።

**እቲ ውጽኢት**

ውላድኩም ኣብ ቤትምህርቲ ንኽዕወት መንገዲ ምፍጣር።